

ሰላም ክቡራን ሃገራውያን ኤርትራውያን፡ ዓወትን ንኩልኹም።

ደስ ይበልኩም፡ ፈስቲቫልና ብዓወት ተዛዚሙ። ሽማግለ ፈስቲቫል 2012 ምዕራብ ዞባ ኣመሪካ፡ ምስ ህዝቦም ኮይኖም ብዘካየድዎ ቃልሲ፡ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ዝኾነ፡ ካብ ትጽቢቶም ንላዕሊ ብዝግምገም ዓይነት፡ ብክብ ዝበለ ድምቀት ተዛዚሙ።

ነዚ ዓመታዊ ሃገራዊ ንግደት፡ ብዘድምዕ ኣጋባብ ዝተዋፈሩ፡ ኩሎም ኣባላት ማሕበረኮም ኣብ ምዕራብ ዘለዉ ዝጸዓትሉ ይኹን እምበር፡ ተቐማጦ በይ አረያ ግን ሓለፉ ብዘለዎ ተወፋይነት ስለዝተዓቐሉ፡ ብኡ መጠን ድማ ስለ ዝተዓወትሉ፡ ሓበን ክስምየም ይግባእ። ብኩነታት ናብራን ሕጽረት ጊዜን ከይተሳናኸሉ፡ ኤርትራውያን ኣብ በይአረያ፡ ዘሕብን ውጽኢት ዘመዝገበ ጻዕሪ ከካይዱ ብምኽኣሎም፡ ኣብ ታሪኽ ኤርትራውያን ሓደ ፍሉይን ድሙቕን ታሪኽ ከመዝግቡ ኪኢሎም ኣለዉ። ግደ ዘየምትን ሙዚቀኛታትን ኣብ ፈስቲቫልና፡ ኣዝዩ ዕዙዝ፡ ልዑል ስሕበትን ኣድንቖትን ዝሰነቐ'ዩ ኔሩ።

ቁሸት ከተማታት፡ ሳሊና፡ ባና፡ 1991፡ ናቕፋ ብዝብል ስያመ ዝተደኮና፡ ተሳታፍነተን፡ ፉሉይ ድምቀት ሂቡ፡ ንጻዕርን ተወፋይነትን ኣዴታትን ኣሓትን ከመስክር ኪኢሉ። ንብዙሕ ያታዊ ትሕዝቶ ባህልና ኣንጻባሪቐን። ብውሕልነት ዝተዳለወ እኽለማይ ቀሪበን ኩሉ ናይ ሽሻይ ተቛዳሳይ ከምዝኸውን ጌረን። ስፖርታዊ መዳያት ንምውዳብ ኣብ ዝተገብረ ውህደት ዝነኣድ'ዩ ኔሩ። ኣብያተ ንግዲ ኤርትራውያን ብመንፈስን ብገንዘብን መዊለን፡ ነዚ ካብ ብዙሕ ዓመታት ዝቐጸለ ሓርበኛዊ ኣበርክቶ ከም ባህሊ ወሲዶም፡ ኣጆኹም እናበሉ ዘርኣዩዎ ልግሲ፡ ኣብ ቦትኡ'ሎ።

ንዝተመዝገበ ዓወታትን ኣመጻጽእኡን ንምግምጋም፡ ናይ መጻኢ መደብ ፈስቲቫል ንምትላም፡ ንመስከረም 29 ቀዳም 2012 ስዓት 3፡00 ኣኼባ ተውጢኑ'ሎ። ኩሉ እንትናዊ ጸብጻብ ክቐርብ ኢዩ። ኣብቲ ዕለት'ቲ Video Festival 2012 ጸፊፉ ክቐርብ ቃል ኣትዩ'ሎ።

ኩሎም እቶም ኣብ ዘይዕጸፍ መትከሎም ኣትኪሎም፡ ነዚ ዝተመዝገበ ዓወት ጋህዲ ንምግባር ዝጸዓቱ ዜጋታት፡ ተሞክሮኦም ከካፍሉ፡ ዝተጓነፎም መሓንቖታት ክሕብሩ፡ ተሳትፍኦም ኣብዚ ኣኼባ ግድነታዊ ኢዩ። ኣባላት ከተማታት በይ አረያ፡ ናይ ዝመጽእ ዓመት ፈስቲቫልና፡ ሕጂ ብኣግኡ ተዛቲና፡ ተማኺርና መደብ ንምውጻእ፡ ዘድሊ ጻዕሪ ጌርና ክንሳተፍ ንላቦ።

ጽባሕ ቀዳም ምሸት፡ ዕለት 18 - 2012 ነቲ ብሓያል ጻዕሪ ዝተጸምበለ ዕዉት ፈስቲቫልና ንምዝካር፡ ንምምጓስን ንምድሳትን ኣብ ኦክላንድ ECCCC ንራኸብ። ድራር፡ ዕላል፡ ጓይላ።

ዓወት ነቲ ዘይጽዓድን ዘይምብርከኽን ህዝቢ ኤርትራ!